ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን

التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

# መግለጺ ሓዘን



## መስዋእቲ ሃገራዊ መራሒ ተጋ/ሸኽ ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ (ኣቡ ማጅድ)

መራሒ ተጋዳላይ ሸኽ ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ (ኣቡ ማጅድ) ንነዊሕ ግዜ ብዝሓደሮ ሕማምን ዘስዓበሉ ድኻምን ብ0፰ ጥቅምቲ ፪0፳ ኣብ ከተማ ካርቱም ሃገረ-ሱዳን ካብዚ ዓለም ብመስዋእቲ ብምፍላዩ ዝተሰማማዓና መሪር ሓዘን ንገልጽ።

ስውእ ተጋዳላይ ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ ካብቶም ብንኡስ ዕድሚኡ ኣብ መፋርቕ ፮0ታት ኣብ ሃገራዊ ሓርነታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ተሰሊፉ፡ ሃገራዊ ነጻነት ንምርግጋጽ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተቃለሰ ሓርበኛ'ዩ ነይሩ። ብድሕሪ ምርግጋጽ ነጻነት ኤርትራ'ውን እንተኾነ፡ ድኻሙ ከይጸብጸበ ምእንቲ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ንምፍታሕ ዕድመ ሂወቱ፡ ፍልጠቱ፡ ተሞክሮኡ፡ ከይበቐቐ ወይ ከተሓለለ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ክቃለስ ዝጸንሐ'ዩ። ስውእ ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ ኣብ ስኒትን ሓባራዊ ሃገራዊ ዕዮን ዝኣምን ዝነበረ፡ ኣብ ምምስራትን ጉዕዞን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ልሉይ እጃሙ ዘበርከተ ሃገራዊ ባእታ'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ነቲ ስውእ ሓርበኛ ተጋዳላይ ሸኽ ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ ዝተሰውኣሉ ቅዱስ ዕላማታት ባህግታትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ሕቶ ሰላምን ደሞክራስን ማሕበራዊ ፍትሕን ክውን ንምግባር፡ ኩሎም ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ካብ ሕሉፍ ተመክሮታቶም ሃንጺ ትምህርቲ ብምውሳድ፡ ፍልልዮም ብምጽባብን ሓድነቶም ብምድልዳልን ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ኣውንታዊ ተራኦም ከዕዝዙን ኣበርቲዖም ክቃለሱን ኤርትራዊ ዲሞክራያዊ ኪዳን ናይ ቃልሲ መጸዋዕትኡ የቕርብ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከምቶም ኩሎም ንኤርትራን ህዝባን ክቡር ዋጋ ዝኸፈሉ ጀጋኑ ስውኣት፡ ብስንኪ'ቲ ኢ-ሰብኣዊ ፖሊስታት ምልካዊ ስርዓት ህግደፉ ኣብ ሃገሮም ሬሳኦም ንቡር ሓመድ ከይለብስ ዝተነፍጉ፡ ንስውእ ተጋዳላይ ሸኽ ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ ተመሳሳሊ ዕጫ ብምግጣሙ ዝተሰመዓና ከቢድ ጓሂ እናገለጽና፡ ንስድራ-ቤቱ፡ ንመሪሕነትን መሰረታትን እስላማዊ ሰልፊ ኤርትራ ንፍትሕን ልምዓትን ብፍላይ ከምኡ'ውን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ ጽንዓት ይሃብኩም እናበለ፡ ንጅግና ስውእ ተጋዳላይ ሸኽ ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ ከኣ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ ይብል።

**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**

09 ጥቅምቲ ፪0፳